TIGRINJA

# ፖሊሲ ወለንተኛታት ናይ ሽወደን ቀይሕ መስቀል




Svenska Röda Korset

**Översättningen till tigrinja är genomförd i enlighet med Riksstämmans beslut från 2021**

# ፖሊሲ ወለንተኛታት ናይ ሽወደን ቀይሕ መስቀል

## መእተዊ

ዕማም ወለንተኛታት ቀይሕ መስቀል ሽወደን፡ መሰረትን ዓንድ ሕቖን ህላወ ናይቲ ማሕበር ይኸውን። ዕማም ናይቲ ማሕበር ዝፍጸም ብቐንዱ ብስራሕን ተወፋይነትን ናይቶም ወለንተኛታት እዩ።

እዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ብዛዕባ ኵሎም ናይ ሽወደን ቀይሕ መስቀል ወለንተኛታትን ንጥፈታቶምን ንዝምልከት ዘለዎም ሓላፍነት፡ ኣቀራርባን ተወፋይነት ዘነጽርን፡ ከምኡ'ውን ወለንተኛታት ኣብ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ኣየኖት መሰላትን ግዴታታትን ከም ዘለዎም መሰረት ዝገብርን እዩ።

ወለንታዊ ስራሕ ኣብ ቀይሕ ወስቀል ሽወደን፡ ንሰብኣውነትን ምትሕግጋዝን ንጹር መርገጺ እትወስደሉ መንገዲ ማለት እዩ። ቀይሕ መስቀል ሽወደን ብወለንታዊ ስራሕ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ይኹን ኣብ እዋን ቅሉውላው ናይ ሕብረተ ሰብ ተሳትፎ ንኽህሉ ማእከላይ ተራ ክጻወት ኣለዎ። ከምኡ'ውን ንነባሪ ማሕበራዊን ኣብ መንጎ ሰባት ምትሕግጋዝን ክህሉ ኣበርክቶ ክገብር ኣለዎ።

እዚ ፖሊሲ'ዚ ንዓኻ ኣብ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ወለንተኛ ዝኾንካ ይምልከተካ። ማለት፡ እቶም ብዘይ ደሞዝ ብግዝያዊ ወይ ብስሩዕ ብከባቢ ተወዲቦም ወይ ከም ሰብ መዚ ዝሰርሑ ሰባት እዮም። እቶም ብእምነት ተመሪጾም ዝሰርሑ እውን ወለንተኛታት ስለ ዝኾኑ እዚ ፖሊሲ ይምልከቶም እዩ።

ኣብ ውሽጢ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ዝግበር ወለንታዊ ዕማማት ኣብ መኽሰብ ዘይድልብ ተወፋይነት ውልቀ ሰባት ዝተሞርኮሰ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ካብ ናጻ ድልየት፡ ማለት ብዘይ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጥቕሚን ብዘይ ማሕበራዊ፡ ቍጠባዊ ወይ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ዝፍጸም እዩ።

- ብከባቢ ወይ ብሰብ መዚ ይውደብን ይምራሕን

## ወለንተኛታት ኣብ ቀይሕ መስቀል ሽወደን፡

- ብዛዕባ ዕማም ወለንተኛ እንታይ ማለት ምዃኑን ኣየኖት ጠለባት ከም ዘለዎምን ተሓቢሮም
- ንዝተነጸረ ተልእኾ ተሰማሚዖም፡ መሰረታዊ ስርዓታት ቀይሕ መስቀል፡ ሕጊ ስነ-ምግባር፡ ፖሊሲታት፡ መምርሒታት፡ ደንብታት ድሕነት፡ መምርሒ ሰነዳት ይኽተሉ፡ ከምኡ'ውን ለውጢ ንምምጻሕ ከበርክቱ ግዚኦም ይህቡ
- ኣካል ናይ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ዘለዎ ሓፈሻዊ ዓቕሚ ኣብ ምድላው ንቅልውላው ኮይኑ፡ ኣብ ፍልጠቱ፡ ኣብ ናይ መዓልታዊ ህይወት ዕማሙን ኵነታቱን ተመርኵሱ፡ ቅልውላው ምስ ዘጋጥም፡ ስጉምቲ ንኽወስድ ድልውነት ኣለዎ
- ኣብ ቀጻሊ ንጥፈታትን ኣብ ፍሉይ ናይ ቅልውላው ሓገዛትን፡ ቀጻሊ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ሰብኣውን ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል
- ትግባእ፡ ግድን ግን ኣባል ማሕበር ምዃን ኣየድልን
- እቶም ብእምነት ዝተመረጹ ናይ ግድን ኣባላት ክኾኑ ኣለዎም

## ወለንተኛታት ዘለዎም ግዴታታት

ንወለንተኛታት ዝወሃብ ደገፍን ሓላፍነት ንዝምልከት፡ ነቲ ማሕበር ሃደ ሓደ መምርሒ ስርዓታት ይምልከትዎ እዮም፡-

**ስራሕተኛ ምቍጻር**፡ እዚ ኣብ ድሌታት ናይቲ ዕላማ ዝተገብረሉ ጕጅለን ኣብ ኩነታት ናይቲ ውልቀ ሰብን ተመርኵሱ ይፍጸም። እቲ ስራሕተኛ ምቍጻር ኣብ ዝተፈላለየ ባህርያትን ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታን ብመንጽር ጾታ፡ ዕድመ፡ ደርቢ፡ ስንክልና፡ ብሄር፡ ጾታዊ ዝንባሌ/መንነት፡ ስግረ ጾታዊ መንነት ወይ መግለጺ፡ ሃይማኖት ወይ ካልእ እምነት መሰረት ብምግባር ይፍጸም። ብተወሳኺ እቶም ናይ ከባቢ ሸማግለታት ወለንተኛታት ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ብዛዕባ ናይ ወለንተኛታት ፖሊሲ፡ መምርሒታትን ሕጊ ስነ-ምግባርን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣድለይቲ ደንብታት ድሕነት ሓበሬታ ከም ዝተዋህቦም ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎም።

**ምምላይን ምምዕባል ክእለትን፡** ወለንተኛታት ነቲ ግዴታውን ንፍሉይ ንጥፈት ዝምልከትን ትምህርቲ ከምኡ'ውን ብቑዕ መላለዩ ክወሃቦም። እቶም ወለንተኛታት ብቐጻሊ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ሰብኣውን ደገፍ፡ ምዕባለ ክእለት፡ ከምኡ'ውን ምንቅቓሕን ሞሳን ክረኽቡ።

**ምውጣን፡ ምትግባርን ምክትታልን፡** ንጥፈታት ኣብ ምሕንጻጽ፡ ምምዕባልን ምግምጋምን፡ ናይቶም ወለንተኛታት ርእይቶን ተመኩሮን ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል ይፍጸም። ብተወሳኺ እቶም ወለንተኛታት እቲ ዕማም ንዘስዓቦ ቅቡል ዝኾነ ወጻኢታት ክምለሰሎምን፡ ነቲ ዕማም ብቑዕ መሳርሒታት ክረኽቡን ኣለዎም።

**ምድንፋዕ ድሕንነት ወለንተኛታት፡** እዚ፡ ቀጻሊ ገምጋም ሓደጋታት ብምክያድን እቶም ወለንተኛታት ኣብቲ ስራሕ ዘድልዮም ፍልጠትን ሓበሬታን ንኽረኽቡ ምስኡ ዝተሓሓዝ ስጉምትታት ብምውሳድን ኣብቲ ንጥፈታት ይረጋገጽ። ነቲ ንጥፈታት ዝመርሕ ሰብ ሓላፍነት ናይዞም ስጉምትታት ኣለዎ።

**ፍልልይ ኣብ ሞንጎ ብወለንታ ወይ ብኽፍሊት ዝግበር ስራሕ፡** ነቲ ብኽፍሊት ንሓደ ዕማም ዝፍጽም ሰብ ከም ቍጹር ሰራሕተኛ ወይ ተኺናታራይ ኣፍልጦ ብምሃብ ይትግበር።

**ምትሕብባር፡** ኣብቲ ኮሙን ወይ ናይ ከባቢ ማሕበር ዝነጥፈሉ፡ ምስ ውልቀ ሰባት፡ መኽሰብ ዘይድልባን መንግስታውያንን ጽላታት ዘለዉ ተዋሳእቲ ምትሕብባር ብምድንፋዕን ዘተ ምፍጣርን ይፍጸም። እዚ፡ ድልየታትን ዕላማ ዝተገብሩ ጉጅለታትን ንምልላይ፡ ከምኡ'ውን ንወለንተዊ ስራሕ ዝኸውን ኵነተታ ንምዕባይ ኣበርክቶ ንምግባር ኣድልዪ ዝኾኑ ነገራት ንምጽናዕ ይግበር።

**ካብ ዕማም ምእላይ፡** ዘይብቑዓት ምኺኖም ዘርኣዩ፡ ስርሖም ሽለል ዝበሉ ወይ ነቲ ፖሊሲ ወለንተኛታት ዝጠሓሱን ድሕሪ ዝርርብን ሓገዝን ለውጢ ዘየርኣዩ፡ ካብ ዕማሞም ይእለዩ።

## መሰላትን ግዴታታትን ወለንተኛታት

ከም ወለንተኛ መጠን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዝሳተፉ፡ ኣብ ከቢድ ኵነታት ሓገዝን ደገፍን ዝቕበሉን ካልኦት ኣብ ቀይሕ መስቀል ዝሰርሑን ሰባት ትረክብ። ወለንተኛታት ምስ ሰባት ኣብ ዝገብርዎ ርክብ፡ ብዙሕ እምንቶ ይቕበሉ፡ ከምኡ'ውን ህይወት ደቂ ሰባት እንታይ ከም ዝመስል ርድኢት ይረኽቡ። ስለዚ ወለንተኛታት ነቲ ከም ወለንተኛታት መጠን ዘለዎም ስልጣን ብዘይግቡእ ኣገባብ ፈጺሞም ክጥቀሙሉ የብሎምን፡ ከምኡ'ውን ጾታ፡ ዕድመ፡ መቦቆላዊ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ጾታዊ ዝንባሌ ወይ ስንክልና ብዘየገድስ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ወይ ጉጅለ ኣድልዎ ፈጺሞም ክገብሩ የብሎምን። ወለንተኛታት ንኹሎም ሰባት ብኣኽብሮትን ብትሕትናን ክቐርብዎምን ፈጺሞም ንገዛእ ርእሶም ይኹን ነዚ ማሕበር ዝሃሲ ጠባይ ከርእዩን የብሎምን።

### ከም ወለንተኛ ኣብ ቀይሕ መስቀል ሽወደን መጠን፡ ሓያሎ ንጹራት ግዴታታት ኣለዉኻ። ናይ ግድን ነዚ ዝስዕብ ክትትግብር ኣለካ፦

- ኣብዚ ፖሊሲ ዝተገልጹ ልሙዳት ኣሰራርሓን ግዴታታትን ክትስዕብ
- ብመሰረት ሕጊ ስነ-ምግባርን መሰረታዊ ስርዓታትን ቀይሕ መስቀል ክትሰርሕ
- ብዛዕባ መምርሒ ሰነዳት (ንኣብነት ቅዋም)፡ ደንብታት ድሕነት፡ ፖሊሲታትን መምርሒታትን ናይቲ ትሳተፈሉ ዘለኻ ንጥፈት ሓበሬታ ክትረክብን ክትስዕቦምን።
- ንውልቃዊ ረብሓኻ እተውዕሎ ገንዘብ ወይ ህያባት ዘይምቕባል
- ኣብ ግዴታውን ነቲ ዕማም ኣድላይን ዝኾነ ትምህርትታት ምስታፍ
- ዕማምካ ኣብ ምፍጻም፡ ብሉጽነት ንኽህልዎ ምጽዓርን ምስራሕን
- ምስጢር ናይ ምዕቃብ መብጽዓ ምእታውን፡ ንናይ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ናይ ወለንተኛታት ስምምዓት ምፍራም
- ኣብ እዋን ወለንታዊ ዕዮ መንነትካ ከተፍልጥ ክትክእል

## ከም ወለንተኛ መጠን ናይዚ ዝስዕብ መሰል ኣለካ፦

- ትምህርቲ ብዛዕባ ናይ ቀይሕ መስቀል ፍልጠት፡ ነቲ ዕማም ዘድሊ ተወሳኺ ትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን
- ንቑቡል ዝኾነ ወጻኢታት ክፍሊት ምርካብ
- ነቲ ዝተሰማማዕካሉ ዕማም ንምፍጻም ዘኽእሉ ትኽክለኛ መሳርሒታ/ሓገዝቲ ናውቲ
- ንሓደ ዕማም ዘይምቕባል
- ግቡእ ናይ መድሕን ሸፈነ
- ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኵነታት ወይ ብፍሉይ ንሓደጋ ዘቃልዑ ዕማማት ኣብ ዝህልውሉ እዋን፡ ንስኻ ከም ወለንተኛ መጠን ዕማምካ ኣብ ምፍጻም ክትጉዳእ ወይ ንሓደጋ ዝታቓላዕካ ኣብ ትኽእለሉ፡ ቅድሚ ነቲ ስራሕ ምጅማርካ ብዛዕባ ሓደጋታት፡ ኣገባባት ድሕንነትን ፕሮቶኮልን እኹል መፋለጥን ሓበሬታን ክወሃበካ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ኣድለይቲ መከላኸሊ መሳርሒታት ዳግማይ ክትርእን ኣለካ። ነቲ ዕማም ኣብ ትፍጽመሉ እዋንን ድሕሪኡን እውን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ሰብኣውን ደገፍን ሓገዝን ንኽትረክብ መሰል ክህልወካ ኣለዎ።
- ኣብ ቀይሕ መስቀል ሸወደን ዝተዋህበ ዕማማት ዝምልከት ጥርዓናት ንምቕራብ፡ ከምኡ'ውን ንምምሕያሽ ዝኸውን ሓሳባት ንምቕራብን ዕድል ምሃብ

Foto framsida: Marie Sparréus. Original: Heed & Heed AB | Översättning: Semantix (Texten har korrekturlästs av rödakorsare, för att säkerställa "rödakorstermer") | Mars 2023.

Svenska Röda Korset

**Svenska Röda Korset**
Box 17563, Hornsgatan 54, 118 91 Stockholm
Telefon 08-452 46 00 | E-post: info@redcross.se | www.rodakorset.se